# ውሑጅ ንቕሓት? ድሉዋት ኩኑ!

ብዛዕባ ውሑጅ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ ***kingcounty.gov/floodservices*** ርኸቡ

## ቅድሚ

1 **ናይ ውሑጅ ሓደጋ መጠንቀቕታ ፍለጡ።** ዋንነትኩም ኣብ ዕልቕልቕ ዘለዎ ጎልጎል እንተኾይኑ ኣብ **kingcounty.gov/FEMAmap** ኣረጋግጹ። ሓገዝ እንተደሊኹም፣ ወይ ብዛዕባ ብራኽ ሰነድ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ፣ ብ206-477-4812 ደውሉ።

2 **ናይ ውሑጅ መድሕን ግዝኡ።** እቲ ልሙድ መድሕን ዋንነት ብሰንኪ ዕልቕልቕ ዝመጽእ ክሳራ ኣይሽፍንን እዩ፣ ኣብ ሓደስቲ ፖሊሲታት መድሕን ውሕጅ ድማ ናይ **30** መዓልታት ናይ ምጽባይ ግዜ ክህሉ ይኽእል። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ **floodsmart.gov** ወይ ብ **877-336-2627** ደውሉ።

3 **ንነብስኹምን ስድራ-ቤትኩምን ሓልዉ።**

- ናይ ህጹጽ እዋን ውጥንኩምን ከረጺትኩምን ኣሐድሱ።
- መዓስ ከም እትወጽኡ ፍለጡን ናብ ልዑል ቦታ ዝወስድ መንገዲ ተላመዱን።
- ከባብያውያን መስመራት ተሌፎን ትሑዛት ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ደዊልኩም ብዛዕባ ሃለዋትኩም እትሕብርዎ ካብ - ግዝኣት - ወጻኢ ዝነብር ሰብ ምረጹ።

4 **ንብረትኩምን ናይ ገዛ እንስሳትኩምን ካብ ናይ ውሑጅ ሓደጋ ሓልዉዎም።**

- ንተሽከርከርቲ፣ መሳርሒታትን እንስሳታት ዘቤት/እንስሳታት-ምድሪ-ቤትን ናብ በሪኽ ቦታ ኣግዕዝዎም።
- ናይ ፕሮፓንን ነዳድን ባስካታት መልሕቕ ግበሩ። ኬሚካላትን ክቡራት ነገራትን ልዕሊ ደረጃ ውሑጅ ዓቅቡ።
- ኣብ ህንጻ መጻወድያ ረሳሕ ፈሳሲ ማይ ውሕጅ ኣብ ምፍሳስ ረሳሕ ፈሳሲ ከይድገፍ ቸክ ቫልቭ ምትካል።

### እጃምኩም ግበሩ! ተፈጥሮኣዊ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ሓልዉ።

ተፈጥሮኣዊ፡ ጥዑይ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ንዝውሕዝ ማይ ምዝሕሓልን ማይ ውሑጅ ንምኽዛን ዝሕግዝን ኮይኑ፡ እዚ ድማ ንሓደጋ ውሑጅ ምስ ካልእ ብዙሕ ረብሓታት ይቕንስ።

ጎሓፍ ኣብ መውጽኢ ማይ ማዕበል ፈጺምኩም ኣይትድርብይዎ፤ ጐሓፍን ጎሓፍ እንስሳን ኣብ እንዳ ጓሓፍ ጉሓፉ፤ ከምኡ'ውን ንመገዲ እግረኛታት፡ ጐዳጉዲ፡ መገዲ መኪናን ካልእ ጽርግያታትን ኣጽርዩ። ንጹር ናይ ማዕበል ምፍሳስ ማይ ንሩባታትናን ወሓይዝናን ንመስተ፡ ንእንስሳ ዘገዳምን ንመዘናግዕን ጽሩያት ንኽኾኑ ይሕግዙ።

## ኣብ እዋን

1 **ተመለሱ ኣይትጥሓሉ።** ብመኪና ወይ ብእግርኹም ብማይ ዘዕለቕለቐ ቦታታት ኣይትዘውሩ።

2 ኣብ ናይ ውሕጅ መጠንቀቕታ መጠቀሚት ኩነታት መርምሩ ወይ ናብ **King County** ማእከል መጠንቀቕታ ውሕጅ **(Flood Warning)** ደውሉ።

3 ጸብጸባት ኩነታት ኣየር ተኸታተሉን ክህሉ ዝኽእል ትእዛዝ ምውጻእ ስምዑን።

4 **ብውሑስ መንገዲ ክትወጹ እንተዘይክኢልኩም ሓገዝ ንምርካብ ናብ 911 ደውሉ።** ሞባይልኩምን ላምፓዲናኹምን ሒዝኩም ናብቲ ዝለዓለ ደርቢ ግዓዙ።

5 ዋንነትኩም ንምሕላው ናይ ሑጻ መትሓዚ ክሻታት ተጠቐሙ (ንነጻ ዝርገሐ ቦታታት ካርታ ተወከሱ)።

6 ማይ ውሕጅ ናብ ህንጻኹም ዝቐርብ እንተኾይኑ፡ ውሑስ እንተኾይኑ ኣብቲ ቀንዲ ምንጪ ዝርከብ ዩቲሊቲታት ኣጥፍኡ።

### ንውሑጅ መጠንቀቕታ ተመዝገቡ

ኣቐዲምኩም መጠንቀቕታ ንምርካብ ብነጻ ናይ ውሕጅ መጠንቀቕታታት ተመዝገቡ። **ብተሌፎን፡ መልእኽቲ ጽሑፍ ወይ ብኢመይል** ***kingcounty.gov/flood*** መጠንቀቕታታት ክትቅበሉ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።

### እታ መጠቀሚት ጽዓኑ!

እታ ዝተመሓየሸት መጠቀሚትና ኣብ ሓቀኛ ግዜ መዐቀኒ ዳታ፣ ምዕራፋት ውሕጅን ትንበያታትን ክትከታተሉ የኽእለኩም።

- **ዝያዳ ዘተኣማምን ቴክኖሎጂ፡** ሓበሬታ ኣዝዩ ኣብ ዘድልየኩም እዋን ርኸቡ።
- **ኣሳታፊ ግራፍ፡** ብዛዕባ ኩነታት ከባቢ ንምፍላጥ ዳታ ውሕጅ ዳህስሱ።
- **ተወሳኺ ቋንቋታት፡** ብGoogle Translate ዝተተርጎመ ሓበሬታ ተወከሱ።

## ድሕሪ

1 **ውሑስ ክሳብ ዝኸውን ናብ ህንጻኹም ኣይትእተዉ።** ቅድሚ ምጥቃምኩም ንዩቲሊቲታትኩም በዓል ሞያ ክምርምሮም ግበሩ።

2 ንህንጻኹም፡ መግብኹምን ቀረብ ማይኩምን ብውሑስ መንገዲ ንምጽራይ ዝሕግዙ ኣገባባት ተኸተሉ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ***kingcounty.gov/PrepareForFlooding*** ተወከሱ።

3 **ብውሕጅ ዘጋጠመኩም ጉድኣት ሰንዱ።** ዕንወት ስእሊ ስኣሉን ወጻኢታት ጽገና መዝገቡን። ንናይ ውሕጅ ክሳራ ጠለባት ንወኪል መድሕንኩም ርኸቡ።

4 **ኣብ ህንጻኻ ዘሎ ልዑል ማይ ነጥቢ** ምልክት ግበሩ።

### መጻኢ ዕንወት ውሕጅ ንምንካይ ሓግዙ

ኣብቲ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ዝኾነ ይኹን ልምዓት ፍቓድ የድልዮ። ሓድሽ ህንጸት፡ ጽገና ህንጻ፡ ምውሳኽ፡ ሙኽዓት፡ ደረጃ ምግባር፡ ምምላእ፡ ወይ ካልእ ዝኾነ ለውጢ ኣብ ንብረትኩም ክፍቀድን ኣብ ደንቢ ምሕደራ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ሕብረተሰብኩም ዘሎ ደረጃታት ክኽተልን ኣለዎ። ዝኾነ ይኹን ጽገና ወይ ምምሕያሽ ህንጸታት ኣብቲ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ልዕሊ 50 ሚእታዊት ዋጋኦም ልዕሊ ዓቐን ክኸውን ወይ ውሕጅ ዝከላኸል ክኸውን ኣለዎ።


ብሓላፍነት ምህናጽ ሰባትን ህንጻታትን ካብ ውሕጅ ውሑስ ምዃኖም የረጋግጽ። ደንቢ ምሕደራ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ፡ ነፍሲ ወከፍ ልምዓት ኣብ ካልኦት ንብረታት ዘለዎ ጽልዋ ብምንካይ፡ ንውሕጅ ዝቃላዕ ከባቢታትና ንኹሎም ኣብኡ ዝነብሩን ዝሰርሑን ሓደገኛ ከምዘይኮነ ይገብር።

ቅድሚ ፕሮጀክት ምጅማርካ፡ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎካ ፍቓድ ዝህብ ትካል ወይ ንKing County Department of Local Services, Permitting Division ብስልኪ ቁጽሪ **206-296-6600** ተወከሱ ወይ ናብ **kingcounty.gov/permits** ኪዱ።

### ናይ ህጹጽ እዋን ዕጥቂ ዝርዝር ምፍታሽ

ተወሳኺ ኣብ: ***ready.gov/kit***

- [ ] ብባትሪ ወይ ብክራንክ ዝሰርሕ ሬድዮ ከምኡ'ዉን ተወሰኽቲ ባትሪታት
- [ ] ቀረባት ቀዳማይ ረድኤትን ፊስካን
- [ ] ላምፓዲና ምስ ዝያዳ ባትሪታታ
- [ ] ቅዳሓት ኣገደስቲ ሰነዳት ኣብ ፕላስቲክ ቦርሳ (ፍቓድ መዘወሪ መኪና፡ ሓበሬታ መድሕንን ባንክን፡ ከምኡ'ውን ሓበሬታ ርክብ)
- [ ] ንሓያሎ መዓልታት ዝኸውን ማይን ዘይበላሾ መግብን ንስድራቤትኩምን እንስሳታትኩምን ዝኸውን
- [ ] ዘሙቑ ክዳውንቲ፣ ድልዱላት ኣሳእን/ቡታት፣ ከምኡ'ውን ኮቦርታታት
- [ ] ቀረባት ውልቃዊ ጽሬትን ንጽህናን
- [ ] ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሃኒታት
- [ ] ንህጻናት ምቹዉነት ዝህቡ ነገራት (ኮቦርታ፣ መጻሕፍቲ፣ ባምቡላታት)
- [ ] ቴሌፎናት ምስ ቻርጀራቱን መሐለውታ ባትርታትን



ኣብ ናይ ዳግማይ ዝተጠቕመሉ ወረቐት ተሓቲሙ። ብኽብረትኩም ዳግማይ ተጠቀሙሉ። *ሓፈሻዊ*


KING COUNTY FLOOD CONTROL DISTRICT
516 Third Ave. Room 1200 • Seattle WA 98104
kingcountyf loodcontrol.org



PRSRT STD
U.S. POSTAGE
PAID
SEATTLE WA
PERMIT NO. 6013


# 2024-2025 ን ውሑጅ ድሉዋት ኩኑ

## መምርሒኹም ንምድላው ውሕጅ ኣብ KING COUNTY

### ሰላም!

ነዛ ብሮሹር ዝረኸብኩማ ዋንነትኩም ኣብ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ወይ ኣብ ጥቓ ውሕጅ ስለዘሎን ንውሕጅ ኣብ ሓደጋ ስለዘሎን እዩ።

ካርታ ሩባታት KING COUNTY →



ኣቦ-መንበር Reagan Dunn

### ተዳሊኹም ዲኹም?

ከም ኣቦ መንበር ናይ King County Flood Control District (ኣውራጃ) መጠን፡ መዓልታዊ ብዛዕባ ሓይልን ዘይግመትን ሩባታትና መዘኻኸሪ ይውሃበኒ እዩ። ወቕቲ ውሕጅ ኣብ ዝቐርበሉ ዘሎ እዋን፡ ማሕበረሰባትና ተኣኪቦም ክዳለዉ እንደገና ግዜኡ'ዩ። ሕጂ ንጡፍ ስጉምትታት ምውሳድ ነቲ ማዕበል ኣብ ምጽዋር ኩሉ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል እዩ።

ብቕድሚት ዝሓስቡ ፕሮጀክትታትን ፖሊሲታትን ምጉዳል ሓደጋ ውሕጅ ኣቢሉ ንማሕበረሰባትና ኣብ ምሕላው ኣመራርሓ ኣውራጃ ሕቡን'ዩ። ንሕና ንሰራሕት፣ ጽገናን ምምሕያሽን ልዕሊ 500 መከላኸሊ ውሕጅ፣ ኣብ መላእ 118 መስመራዊ ማይልስ ገምገም ሩባታት ንምውል። ናይ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ካርታታት ነሐድሶም፤ ቴክኒካዊ መጽናዕቲ ነካይድ፤ ገዛውትን ትካላትን ንግድን ልዕል ነብል፤ ሕርሻታት ንውሕጅ ዝያዳ ተጻዋርነት ክህልዎም ንሕግዝ፤ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ውሕጅ ፍጻመታት ሰባት ውሑስ ንኽኾኑ ዝሕግዝ ቅልጡፍ ሓበሬታ ንምሃብ ናትና ስርዓታት መጠንቀቕታ ውሕጅ ነዐቢ።

ብተወሳኺ እቲ ኣውራጃ ምስ ሃገራውያን ትካላትን ወኪላትን ብንጥፈት ብምትሕብባር ዝያዳ ተጻዋርነትን ዘላቕን ማሕበረሰባት እናማዕበለ ህይወትን ንብረትን ካብ ውሕጅ ናይ ምክልኻል ተልእኾና ንምስጓም ይሰርሕ ኣሎ። ከም ሓድሽ ኣባል ሃገራዊ ማሕበር ትካላት ምሕደራ ማይ ማዕበልን ውሕጅን (National Association of Stormwater and Flood Management Agencies, NAFSMA) መጠን፡ ምስ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ክኢላታት ብምትሕብባር፡ ዝበለጸ ስትራተጂታት ምንካይ ሓደጋ ውሕጅ ንምቕባል ንሰርሕ ኣለና። ብተወሳኺ፡ NAFSMA ኣብ ክልተ ፍጻመታት ብምዕዳሙ፡ ንመሃዝነት ጻዕርታትና ንምርኣይ፡ ከባብያዊ ኣመራርሓና ኣብ ሃገራዊ ዘተታት ብዛዕባ ምንካይ ሓደጋታት ውሕጅ ዘሕድሮ ዘሎ ርኡይ ጽልዋ ብምጉላሑ፡ ሕጉስ እየ።

ንኻልእ ወቕቲ ውሕጅ ኣብ እንዳለወሉ ዘለና እዋን፡ ብኽብረትኩም ንነብስኹምን ንእትፈትውዎም ሰባትን ንምክልኻል ንጡፍ ስጉምትታት ውሰዱ። ንሓደጋ ውሕጅኩም ምርዳእ፡ መድሕን ውሕጅ ምርካብ፡ ብመንገዲ መጠንቀቕታ ውሕጅ ሓበሬታ ምህላው፡ ከምኡ'ውን ውጥን ምህላው ኩሉ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል። እዛ ብሮሹር እዚኣ ንውሕጅ ንምድላውን ምላሽ ንምሃብን ዝሕግዘኩም ሓበሬታ ዝመልአት እያ። ብኽብረትኩም ግዜ ወሲድኩም ኣንብብዎ እሞ ድሕነትኩምን ድሕነት ናይቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባትን ከዕብዩ ዝኽእሉ ክቡር ርድኢታትን ግብራዊ ምኽርታትን ክትረኽቡ።

ብሓባር ንገዛእ ርእስናን ንኡረባብትናን ንብረትናን ክንከላኸል ንኽእል ኢና። ንውሕጅ ድሉዋት ንኹን!

Reagan Dunn


ኣቦ መንበር Reagan Dunn፡ King County Flood Control District

**kingcountyfloodcontrol.org**
**Reagan.Dunn@kingcounty.gov**




Lower Russell Levee Setback Project ኣብነት ዝኾነና ዝተዋደደ ኣገባብ ምሕደራ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ፤ እቲ ፕሮጀክት ድሕነት ህዝቢ ዝሕሉ ኮይኑ፡ ኣብ ማይን ገማግም ባሕርን ዝነብር መነባብሮ ብምምሕያሽን መዘናግዒን ክፉት ቦታታትን ዕድላት ዝህብን እዩ።

### ንሰባት ምሕላውን ንቑጠባናን ከባቢናን ሕብረተሰብናን ምጥቃምን

ማሕበረሰባትና እናማዕበሉ ምስ ከዱ፡ ኣቀራርባና ኣብ ምሕደራ ውሕጅ እውን ከምኡ ክኸውን ኣለዎ። King County Flood Control District (እቲ ኣውጅጃ) ኣብዚ ፍልቀት ኣብ ቅድሚት ይርከብ። ንሕና ንሰባት ኣብ ማእከል ጻዕርታትና ነቐምጦም ኣለና፡ ኣብቲ ዝሰስኑ ማሕበረሰባት King Countyን ጥዑያት ስነ-ህይወትን ምስ ናይቲ ከባቢ ሩባታት ተሰማሚዖም ኣብ ዝነብሩሉ፡ ንሓደጋታት ውሕጅ ዝጻወር መጻኢ ናይ ምህናጽ ራእይና ንምዕዋት።

እቲ ኣውራጃ ብዝተዋደደ ምሕደራ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ኣቢሉ ሓደሽቲ ኣገባባት ትልሚ ትሕተ ቅርጺ ይትግብር ኣሎ። እዚ ግን እንታይ ማለት እዩ?

ዝተዋደደ ምሕደራ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ንማሕበረሰባትን ስነ-ህይወትን ንምሕላው ንጽንዓት ውሕጅ የዕቢ፣ ንመሰላት ውዕል ቀቢላታትን ባህላዊ ጸጋታትን የኽብር። ከም ሕርሻ፡ ጽሩይ ማይ፡ ንጡፍ ቁጠባ፡ ምሕዋይ salmonን orcaን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ደገ ዝግበር መዘናግዒ ዝኣመሰሉ ዞባዊ ክብርታት ይድግፍ። እቲ ኣውራጃ ኣብ ሓደጋታት ውሕጅ ዝቕንሱ፣ ድሕነት ህዝቢ ዘረጋግጹን ስነ-ህይወት ሩባታት ብፍትሓዊ መንገዲ ዝመልስን ብዙሕ ረብሓታት ዘለዎም ፕሮጀክትታት ዘተኮረ እዩ። ምስ ግዜ ዝያዳ ኩለመዳያዊ ስጉምትታት ንምትግባር ካብ ግዱሳት ወገናት ዝሰፍሐ ምትእስሳር ዘጠቓልል እዩ።

እዚ ሓድሽ ኣገባብ ኣብ ሚያዝያ 2024 ኣብነት ኮይኑ፡ እቲ ኣውራጃ ንLower Green River Corridor ናይ መወዳእታ ፕሮግራማዊ መግለጺ ጽልዋ ከባቢ (Programmatic Environmental Impact Statement, PEIS) ምስ ኣውጽአ እዩ። ኣብ PEIS ኣብ ጎኒ እቲ ሩባ ሓደጋ ውሕጅ ንምምሕዳር ዝሕግዙ ሰለስተ ኣገባባት ተዳህሲሶም ኩሎም ኣብ Lower Green River Corridor ንሓደጋ ውሕጅ ብዓቢኡ ዝቕንሱ ክኾኑ ከለዉ ካልኦት ኣገደስቲ ረብሓታት ሕብረተሰብ ከም ምዕባይ መነባብሮ፣ ተወሳኺ መዘናግዒ ዕድላትን ክፉት ቦታን፣ ከምኡ እውን ቁጠባዊ ምዕባለ እውን እናሃበ እዩ። እቲ መስርሕ ካብ ቀቢላታት፡ ከባብያዊ ስልጣን ፍርዲ፡ ትካላት፡ ግዱሳት ወገናትን ኣባላት ህዝብን ድልዱል ተሳትፎ ዘጠቓለለ እዩ።

ከም ኣካል ናይቲ ናይ ጽምዶ ጻዕሪ፡ እቲ ኣውራጃ ምስቶም ኣብ ከባቢኦም ባህላውን ቋንቋውን ፍልጠትን ዝምድናን ዘለዎም እሙናት ማሕበረሰባዊ መራሕቲ መካይን ሰሪሑ። ኣገዳሲ ስርሖም ልዕሊ 2,250 ርእይቶታት ሕብረተሰብ፡ ብሽዱሽተ ቋንቋታት፡ ኣብ መስርሕ ገምጋም ንድፊ PEIS ኣረጋጊጹ።

ንሰባት ቀዳምነት ብምሃብን ምሕደራ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ ምስ ከባብያውን ማሕበረሰባውን ረብሓታት ብምውህሃድ፡ ንዝሓሸን ዝያዳ ተጻዋርነትን ዘለዎ King County መንገዲ ንጽርግ ኣለና። ንሕና እንገብሮ ጻዕርታት ምጉዳል ሓደጋ ውሕጅ ንጠለባትን ክብርታትን ቀዳምነታትን ናይቶም እነገልግሎም ሰባት ከምዘማልእ ንምርግጋጽ ማሕበረሰብ ማእከል ዝገበረ ኣካይዳና ክንቅጽሎ ኢና።

ብሓባር፡ ዝሰስኑ ማሕበረሰባት King Countyን ጥዑያት ስነ-ህይወትን ምስ ሩባታትና ተሰማሚዖም ዝነብሩሉ ካብ ውሕጅ ውሑስ መጻኢ ንሃንጽ ኣለና።

## ሓበሬታ ርኸቡ

**ኩነታት ውሕጅ ብቕልጡፍ ይቕየር።** ንኽትዋስኡ ግዜ ንኽህልወኩምን ንዓኹምን ስድራኹምን ውሑስ ንኽኸውንን ሓበሬታ ይሃልኹም።

### ናይ ቴሌፎን፣ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ፣ ወይ ናይ ኢመይል መጠንቀቕታታት

ንነጻ ኣውቶማቲክ መጠንቀቕታ ውሕጅ ተመዝገቡ። መጠንቀቕታታትኩም ብደረጃ ሩባን ውሕጅን ብሕታዊ ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።


### ሓ ድሽ ናይ FLOOD WARNING APP

ኣብ ሓቀኛ ግዜ መዐቀኒ ዳታ፣ ምዕራፋት ውሕጅን ትንበያታትን ምክትታል። እቲ ዝተመሓየሸት መጠቀሚት ፍሉይነታት፡

- ዝያዳ ዘተኣማምን ቴክኖሎጂ
- ኣሳታፊ ግራፍ
- ተወሳኺ ቋንቋታት

ብጽሑ
***kingcounty.gov/flood***
ወይ ደውሉ
**206-477-4899**

# KING COUNTY ስርዓታት ሩባ




N
W E
S

0 2 4 Miles

October 2024

## ኣፈ-ታሪኽ

ናይ 100 ዓመታት ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ

ኣከፋፈሊ ማእከል ናይ ሑጻ መትሓዚ ክሻታት

**FEDERAL EMERGENCY MANAGEMENT AGENCY (FEMA, ሃገራዊ ናይ ኢመርጀንሲ ምሕደራ) 100-ዓመት ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ**

እቲ ን100 ዓመታት ዝጸንሐ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ፡ ኣብ ዝኾነ ዓመት ናይ ምፍጣር ዕድል 1% ዘለዎ ውሕጅ ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን ክዕለቕለቕ ትጽቢት ዝግበረሉ ከባቢ እዩ።



## ናይ ሑጻ መትሓዚ ክሻታት ፕሮግራም

ናይ ሑጻ መትሓዚ ክሻታት ቀለልትን ውጽኢታውያንን መሳርሒታት ምቅላስ ውሕጅ እዮም። ካበይ ከም እትረኽብዎምን ብኸመይ ከም እትጥቀመሎምን ኣብዚ ፍለጡ፡ *kingcounty.gov/sandbags*.:

## ሓድሽ ብሎግና ተወከሱ!

*kingcountyfloodcontrol.org/district-news*

## ኣፍልጦ ዘለኩም ኩኑ

@KCFloodDistrict
@KCDNRP

@KingCountyDNRP

@KCFloodDistrict
@KingCountyDNRP

## ተወሳኺ ጸጋታት

**ዋንነትኩም ኣብ ውሽጢ ውሕጅ ዝበዝሖ ከባቢ እንተኾይኑ ንምፍላጥ** *kingcounty.gov/FEMAmap* ወይ ብ206-477-4812 ደውሉ

**ንውሕጅ ብኸመይ ንዳሎ** *kingcounty.gov/floodservices*

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ናይ ህጹጽ እዋን መጠንቀቕታ** *kingcounty.gov/alert*

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ናይ ህጹጽ እዋን ብሎግ ዜና** *kcemergency.com*

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ናይ ምግቢ መፍለጢታ** 206-477-4899 • *kingcounty.gov/flood*

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ማእከል መጠንቀቕታ ዕልቕልቕ** 206-296-8200 ወይ 800-945-9263

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ፕሮግራም ጽገና መንበሪ ገዛ**
ንዓበይቲ ኣድለይቲ ጽገናታት ኣባይቲ ንትሑት እቶት ዘለዎምን ብቑዓትን ወነንቲ ገዛ ምወላ።
206-263-9095 • *kingcounty.gov/housingrepair*

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ጽርግያ ናይ 24/7 ናይ ሓበሬታ መስመር-ተሌፎን** 206-477-8100

**ናይ ኪንግ ካውንቲ ናይ ጽርግያ መጠንቀቕታታት** *kingcounty.gov/roadalert*

**ምትዕንቓፋት ምግዕዓዝ ሜትሮ** *kingcounty.gov/metro*

**ሃገራዊ ፕሮግራም መድሕን ምግቢ** 877-336-2627 • *floodsmart.gov*

**ናይ ህዝባዊ ጥዕና ስያትልን ኪንግ ካውንትን**
**ናይ መዕቆሪ ረሳሕ ፈሳስን ዒላታትን ጸገማት** 206-477-8050

KING COUNTY FLOOD CONTROL DISTRICT

King County
Department of Natural Resources and Parks
Water and Land Resources Division

ኣብዚ ካርታ ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ብKing County ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ዝተኣከበ ኮይኑ ብዘይ ምፍላጥ ክቕየር ይኽእል እዩ። King Countyን King County Flood Control Districtን፡ ብዛዕባ ልክዕነት፡ ምሉእነት፡ እዋናውነት ወይ መሰል ኣጠቓቕማ ከምዚ ዓይነት ሓበሬታ ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ብግልጺ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣይህቡን። እዚ ሰነድ ከም ፍርያት ዳህሳስ ንኽጥቀመሉ ዝተሓሰበ ኣይኮነን። King Countyን ኣውራጃን ንዝኾነ ሓፈሻዊ፡ ፍሉይ፡ ዘይቀጥታዊ፡ ኣጋጣሚ፡ ወይ ሳዕቤናዊ ዕንወት ሓዊሱ፡ ግን ከኣ ኣብዚ ጥራይ ዘይተሓጽረ፡ ብሰንኪ ኣጠቓቕማ ወይ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ናይቲ ኣብዚ ካርታ ዝርከብ ሓበሬታ ዝጠፍአ ኣታዊታት ወይ ዝጠፍአ መኽሰብ ተሓተትቲ ኣይኮኑን። ዝኾነ መሸጣ ናይዚ ካርታ ወይ ኣብዚ ካርታ ዘሎ ሓበሬታ ብዘይካ ብጽሑፍ ፍቓድ King County ክልኩል እዩ።

## ንማሕበረሰባትና ኣበርቲዕና ንሰርሕ ኣለና

King County Flood Control District ንህይወትን ንብረትን ካብ ውሕጅ ንምክልኻል ይሰርሕ ኣብ ርእሲኡ ድማ ፍትሓውነትን ማሕበራዊ ፍትሕን፣ ዘላቒ መነባብሮ፣ ምክልኻል መነባብሮ፣ ምሕዋይ salmon፣ መዘናግዕን ተጻዋርነት ዘለዎም ማሕበረሰባትን የስጉም።

**370⁺ ፕሮጀክት ተዛዚሙ**

መዕገቲ-ውሑጅን መገደብን ንምዕባይ (ጽኑዕ ዲጋታት)

**ምስራሕን ምጽጋንን 500⁺**

ወሳኒ መከላኸሊ ውሕጅ ዝኾኑ ትካላት ኣብ መላእ ኣውራጃ

**118 + 800**

**መስመራዊ ማይልስ** ናይ ገምገም ሩባታት

ኤክር መሬት ካብ ውሕጅ ዝተደልደለ

## ምዕራፋት ውሕጅ

King County ንኹነታት ውሕጅ ሩባታት ንምንጽብራቕ ኣርባዕተ ምዕራፋት ይጥቀም። እቲ ምዕራፍ ብዝለዓለ መጠን፡ ኣብ ሩባታትና ማይ ይውሕዝ ስለዘሎ ውሕጅ ናይ ምግጣም ተኽእሎና ይዓቢ።

### 1 ኣዳልዉ

ብተለምዶ ዝኾነ ውሕጅ ኣይፍጠርን። ሰራሕተኛታት King County ኣብ ተጠንቀቕ ኣለዉ።

### 2 ንኡስ

ኣብ ገለ ቦታታት ምሕራር መሬት፣ ዕንወት ውሕጅን ምዕጻው ጽርግያታትን ይከኣል እዩ። King County Flood Warning Center ተኸፊቱ። ሰራሕተኛታት 24 ሰዓታት ንኽሕግዙ ድሉዋት እዮም።

### 3 ማእከላይ ውሕጅ

ዝተፈላለየ ዕምቆት ዘለዎ ውሕጅ ከጋጥም ይኽእል እዩ። መተሓላለፊታት ሓዊሱ ብዙሕ ጽርግያታት ምዕጻው ይከኣል እዩ። ሰራሕተኛታት ፓትሮል ውሕጅ ንውሕጅ ዝቃላዕ ከባቢታት ብምኻድ ንመዋቕራት ምቁጽጻር ውሕጅ ይምርምሩ።

### 4 ማእከላይ ውሕጅ

ብቕልጡፍ ዝኸይድ ማይ ዘለዎ ሰፊሕ ውሕጅ። ኣብ መላእ ጎላጉል ሩባታት ሰፊሕ ምዕጻው ጽርግያታት። Flood Warning Center ክፉት ኮይኑ ይርከብ። ውሕጅ ፓትሮል ድግግም መርመራታት ይውስኽ።

ዝርዝር መግለጺ ኩነታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ውሕጅ ንSouth Fork Skykomish፡ Tolt፡ Snoqualmie፡ Cedar፡ Greenን White Riversን Issaquah Creekን ኣብ *kingcounty.gov/flood* ተወከሱ።

ንዝተተርጐሙ ንውሕጅ ድሉዋት ኩኑ ብሮሹራት፡ ብኽብረትኩም ናብ *kingcounty.gov/prepareforflooding* ኪዱ። ተወሳኺ ትርጉማትን ዝተሓትመ ዝተተርጐመ ብሮሹራትን ብዘይ ዝኾነ ወጻኢታት ምስ ዝሕተተልኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ብ 206-477-4812 ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም።

Para obtener los folletos traducidos de Be Flood Ready, visite *kingcounty.gov/prepareforflooding.* Si lo pide, hay traducciones adicionales y folletos traducidos impresos sin costo alguno para usted; comuníquese con nosotros al 206-477-4812.

Để nhận bản dịch tờ gấp Sẵn Sàng Ứng Phó Với Ngập Lụt, vui lòng truy cập *kingcounty.gov/prepareforflooding*. Chúng tôi cung cấp miễn phí các bản dịch khác và bản cứng tờ gấp đã dịch theo yêu cầu cho quý vị. Vui lòng liên hệ với chúng tôi theo số 206-477-4812.

번역된 홍수 대비 브로셔는 웹사이트 *kingcounty.gov/prepareforflooding* 를 참조하세요. 추가 번역 및 인쇄된 번역 브로셔가 필요하면 요청 시 무료로 드립니다. 206-477-4812로 문의하세요.

如需「Be Flood Ready（做好防洪準備）」手冊的翻譯版本，請造訪 *kingcounty.gov/prepareforflooding* 如果您需要額外的翻譯版本和紙質翻譯版手冊，請致電 206-477-4812 聯絡我們，我們將免費為您提供

Si aad u hesho buug-yaraha u diyaarsanoow daadka fadlan booqo *kingcounty.gov/prepareforflooding*. Turjumaada dheeraadka ah iyo buug-yaraha la daabacay ayaad ku heli kartaa si bilaash ah markaaad adiga codsato, fadlan nagala soo xiriir 206-477-4812.

Переведенные брошюры Be Flood Ready (Подготовка к наводнению) можно найти на странице *kingcounty.gov/prepareforflooding*. Чтобы бесплатно запросить перевод на другие языки или печатный экземпляр переведенной брошюры, звоните на номер 206-477-4812.